መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ንባብ: ትምህርቲ ኣብ ገዛ

## ደረጃታት ንባብ

ደቅኻ ምንባብ ክመሃሩ እንከለው ብዝተፈላለየ ደረጃታት ይሓልፉ። ቆልዑት ብዝተፈላለየ መንገድን ብዝተፈላለየ ቅልጣፈን ከምዝመሃሩ ዘክር፡ ስለዚ ጸዋር ኩን ንጻዕሪ ደቅኻ ከኣ ኩሉ ግዜ ኣተባብዕ።

*ደቅኻ መታን ፍቕሪ ምንባብ ክሓድሮም ንሳቶም የዐርዮም ዝዘናግዕሉ/ዝፈትውዎ ነገራት ኣንብብ!*

### ንኻልእ ቀዲሖም ደጊሞም ዘንብቡ

ደቅኻ ክዓብዩን ክመሓየሹን እንከለዉ ኣብ መጻሕፍትን ኣብ'ቶም ኣብ ዙርይኦም ዝርእይዎም ቃላትን ተገዳስነት ክርእዩ ይጅምሩ።

መጻሕፍቲ ብግቡእ ኣተሓሕዛ ንላዕሊ እናሓዙ፡ ብጥንቃቐ ገጻት እናገንጸሉን ዘንብቡ እናመሰሉ ስእልታትን ናይ ባዕሎም ተዘክሮታት ተጠቒሞም ዛንታታት ደጊሞም ብምንጋርን ንዓኻ ክቐድሑኻ ክጅምሩ ይኽእሉ'ዮም። ንሶም ብተወሳኺ ፍልልይ ኣብ መንጎ ቅድሚትን ድሕሪትን ናይ መሓፍ ይመሃሩ፡ ቃላትን ስእልታትን ዝተፈላለዩ ምኻኖምን ዝተሓትሙ ቃላት መልእኽቲ ከምዘለዎምን ይርድኡ።

ንደቅኻ ብኸም'ዚኦም መንገድታት ክትሕግዞም ትኽእል:

- መዓልታዊ ምስኦም ብምንባብ
- ዘንብቡ ዘለው ክመስሉ ኢሎም ዘካይድዎ ዝኾነ ፈተነ ብምትብባዕን ብምድናቕን
- ስእልታት ንምንጋር'ቲ ዛንታ ከምዝሕግዙ ብምርኣይ
- እተን ዝፈትውወን ዛንታታት ደጊምካ ደጋጊምካ ብምንባብ - ምልምማድ ርእሰተኣማንነት ይሃንጽ
- ጌጋታት ክፍጽሙ እንከለው ብዘይምንቃፍ - ንባብ ክትመሃር ግዜ ይወስድ'ዩ!

### ንፈተነ ኢሎም ዘንብቡ

ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ውላድካ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ'ቶም ስእልታት ብምርኣይን ተዘክሮታቱ ብዛዕባ ሓደ ዛንታ ጌሩ የንብብ። ገለ ቃላት'ውን የላልይ'ዩ፡ እንተኾነ ግን ኣትኩሮኦም ኣብ ትርጉም ናይ'ቲ ጽሑፍ እምበር ንነብሲ ወከፍ ቃል ብልክዕ ምንባብ ኣይኮነን።

ንደቅኻ ብኸም'ዚኦም መንገድታት ክትሕግዞም ትኽእል:

- መዓልታዊ ምስኦም ምንባብ
- ንምንባብ ደፊሮም ክፍትንዎ ከተተባብዖምን ጻዕርታቶም ክትንእድን
- ብዛዕባ ድምጽታት፡ ቃላትን ኣብ መጻሕፍትን ካልኦት ጽሑፋትን ዝርከቡ ከም ኣስማት፡ ዝርዝራት ዝሸመቱ ኣቁሑትን ጋዜጣታትን ዝኣመስሉ ኣገደስቲ ፍጻመታት ምዝርራብ
- ብዛዕባ ገጸባህርያት መጽሓፍን ነብሲ ወከፍ ዕላላትን ምስኦም ተዘራረብ:
- ብዛዕባ ኣብ'ቲ ዛንታ ዝፍጸም ርእይቶኦም ክገልጹልካ ብምትብባዕ:
- እተን ዝፈትውወን ዛንታታት ደጊምካ ደጋጊምካ ምንባብ ብምቅጻል:

**ቴሌቪዥን ኣጥፍኦ፡ ንደቅኻ መኻልፉት እንተዘይሃልዮም ኣቓልቦ ክገብሩ ዝቕለለ ይኸውን:**



© Department of Education, Western Australia, 2015

CC BY